# ካብ 30 ሕዳር ክሳብ 5 ታሕሳስ 2009
# 110 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 11.12.2009

ካብ 30 ሕዳር ክሳብ 5 ታሕሳስ 2009 ኣብ ዝነበረ ግዜ ጥራይ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ዓቕሎም ዝጸበቦም 110 ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝኣተዉ ኣካላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ከባቢ ሓቢሮም። በቲ ሓበሬታ መሰረት እዞም ዝርዝሮም ቀጺሉ ኣብ ሰንጠረዥ ሰፊሩ ዘሎ ኤርትራውያን ውትህድርናን ሓዊስካ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዝሰርሑ ዝነበሩ እዮም።

| ጾታ | ትሕቲ 18 ዓመት | ልዕሊ 18 ዓመት | ድምር |
|---|---|---|---|
| ደቂ ቀንስትዮ | 37 | 25 | 62 |
| ደቂ ተባዕትዮ | 31 | 17 | 48 |
| ድምር | 68 | 42 | 110 |

እዚ ከምዚሉ እንከሎ ኣብ ባሕቲ ታሕሳስ 2009 ሓሙሽተ ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ክሰግሩ 2 ካብኦም ሃለዋቶም ዘይተፈልጠ ምኻኑ እቶም ብሰላም ዝኣተዉ ብጾቶም ሓቢሮም። ከም ግምት ናይ ብዙሓት ተዓዘብቲ እቶም ሃለዋቶም ዝጠፍኡ ወይ ኣብ ኢድ ሓለዋ ዶብ ስርዓት ህግደፍ ወዲቖም ወይ ድማ፡ በቲ ተኹስካ ቅተል ዝብል ፖሊሲ እቲ ስርዓት ተቐቲሎም ክኾኑ ይኽእል ዝብል እዩ።